# ኣባላት ማሕበረኮም ከተማ ሹፐርታል (ጀርመን)

## ንምንባይ ብመንግስቲ ንዝካየድ ብምምጓስ፡ ብቐጻሊ ሰድራ ሰማእታቶም

## ንኽሕብሕቡ ደጊሞም መብጽዓ ኣተዉ

ዕለት 06.11.2012

ኣባላት ማሕበረኮም ከተማ ሹፐርታል ልዑላውነት ሃገሮም ንምውሓስን መደባት ልምዓት ንምድንፋዕን ዝካየድ ጻዕሪ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ንምዕዋት ከም ወትሩ ድልዋት ምዃኖም፡ ብዕለት 03.11.2012 ኣብ ዘካየድዎ ፍሉይ ኣኼባ ኣረጋጊጾም። እቶም ዜጋታት፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ጽላታት ብዛዕባ ዝካየድ ዘሎ ወፍሪን ዝምዝገብ ዘሎ ዓወትን ድሕሪ ምዝታይ፡ ብዝተፈብረኹን መሰረት ዘይብሎምን ጠቕነታት ዝተበየኑ ዘይሕጋዊ እገዳታት፡ ብስሙር ሓይልን ውህደትን ኤርትራውያን ከምዝፈሽሉ ዘጠራጥር ከምዘየለ ኣነጺሮም።

በዚ ኣጋጣሚ ሸማግለ ማ/ኮም ሹፐርታል ነቲ ኣባላት ማሕብሮም ንምእላይ ሰድራቤት ስውኣት 2080 ኦይሮ ዘወፈይዎን ፤ ብቐጻሊ ናይ 15 ሰድራ ሰማእታት ንኽሕብሕቡ መብጽዓ ዝኣተዉ ሰባት፡ ዝርዝር ኣስማት ናይ ዝኣልዩዎም ሰድራን ቅብሊት ክፍሊቶምን ኣብ ዝተዋህብሉ ዓቢ ፍናን ተሰምዓም። ንሰድራ-ቤት ናይቶም ናጽነትን ሉዓላውነትን ዘግዘሙና ሓርበኛታት ንምንባይ ብመንግስቲ ንዝካየድ ዘሎ ጻዕሪ ድሕሪ ምምጓስ፡ ብወገኖም ነዚ ዕላማ'ዚ ንዝጀመርዎ ምንቅስቓስ ንምሕያል ከምዝሰርሑ ኣረጋጊጾም።

ተሳተፍቲ ኣኼባ ከም ኩሉ ህዝቢ ኤርትራ - ንሕድሪ ሰማእታት ትርጉም ንምልባስን ሰዉኣትና ንዝገደፉልና ሕድሪ ተሰኪምና ሃገር ንምምዕባል ኣብ ኣሰሮም ከምዘለና መብጽዓና ብምሕዳስ፡ወትሩ ከምዝጽዕሩ ብምሕባር፡ ሰማእታትና ንዘረከቡና ሃገር ሕድሪ ብልምዓት ንምዅሳዕ ዓጸፋ ንምስራሕ ድልውነቶም ኣረጋጊጾም። ንሳቶም ኣብ መወዳእታ፡ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ብዘሰላሰልዎ ዕማም ኣብ ሓጺር እዋን ኣብ መዳያት ሕርሻ፡ ትሕተ-ቅርጺ፡ ትምህርትን ጥዕናን ተመዝጊቦም ንዘለዉ ምዕባለታት ዘለዎም ኣድናቖት ብምግላጽ፡ ተዓጻጻፊ ዕቤት ንምምዝጋብ፡ ጥምረቶም ኣትሪሮም ካብኣቶም ዝሕተት ከምዘማልኡ ደጊሞም ኣሰሚሮም።

"ሕድሪ ሰማእታት ምፍጻም ግዴታ ኩሉ ዜጋ'ዩ"

ዘለኣለማዊ ክብሪ ንሰማእታትና

ዓወት ንሓፋሽ

ማሕበረኮም ከተማ ሹፐርታል (ሃ/ጀርመን)